# መድኃኔ ዓለም ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ሥርዓት ግዕዝ ለንደን



HOLY REDEEMER ERITREAN CATHOLIC

GHEEZ-RITE CHAPLAINCY
ST. AIDAN OF LINDISFARNE RC CHURCH
85 Old Oak Common Lane
London, W3 7DD
www.catholicgheez.org

ነሓሰ 2013

# ቃለ ቀሞስ

## ዘመነ ክረምት

ከም ናይ ሃገርና ልማድ ካብ 25 ሰኔ ክሳዕ 25 መስከረም (ብቶጳጳር- ግዕዝ) ዘመነ ክረምት ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ግዜ ክረምቲ ማይ ይዘንብ፡ ሓረስታይ ይሓርስ፡ ይዘርእ፡ ይጎሓጉሕ፡ ይጸሪ ... ወዘተ። ክረምቲ ኃሊፉ ግዜ ዓጺድ ኪመጽእ እናጸለየን እናተጸበየን ብሥርሑ'ውን እናተማህረ ኢድ ንኢድ ተማሂር ኣእዳዉ፣ ንመንፈሱ የንቕቕሕ። ሥርዓት ኣምልኾ ሃገርና ድማ ነዚ ኩነታቱ ብጽቡቕ እዩ ዘጥቀመሉን ዘንጸባርቖን።

ኣብ ዘመነ ክረምት ዘለዋ ሰናብቲ፦ ዘብርእ፡ ዘደመና፡ ዘኣሥማት (ሰንበት 5 ሓምለ)፡ ዘጊሜ፡ ዘክረምት፡ ዘቴርቶስ (ሰንበት 12 ሓምለ)፡ ዘመብረቕ፡ ዘደብረ ታቦር (ሰንበት 13 ነሓሰ)፡ ዘፍልሰታ (2 ወይ 3 ሰናብቲ)፡ ዘዐይን ኵሉ፡ ዘሰንበተ ቋዐት፡ ዘንሑ ጽባሕ (ሰንበት 28 ነሓሰ)፡ ዘጳጕሜን፡ ዘዮሓንስ (1-7 መስከረም)፡ ዘቆርያስ (8 መስከረም)፡ ዘፍሬ (9-15 መስከረም)፡ ዘሕንጸሐ (16 መስከረም)፡ ዘመስቀል (17-25 መስከረም)፡ ዘትብሎ (25 መስከረም) ዚብሉ መጸዋዕታ እንኪህልዋ ገሊኤን ሰናብቲ ዓመት ዓመት ዚመጻ እንኪኾና ገሊኤን ግና ኃኃሊፈን ኣብ ገለ ዓመታት ቅልቅል ዚብላ እየን (ንኣብነት ሰንበት ዘደብረ ታቦር 13 ነሓሰ ሰንበት እንተወዓለት ጥራይ እዩ በዚ ስምዚ ተጸዊዑ ጸሎታቱ'ውን በዚ መሠረት ዚሥራዕ። 13 ነሓሰ ካብ ሰንበት ክሳዕ ቀዳም እንተወዓለ ግና፣ እታ ሰንበት እቲኣ ብዘለኣ ስም እምበር ብሰንበት ዘደብረ ታቦር ኣይትጽዋዕን።)

ኣሰማት እዘን ሰናብቲ እዚኣተን ከም ዚሕብሮ፣ ሥርዓት ኣምልኾ ሃገርና፣ ነቲ ባህርያዊ ወቕትታት ተጠቒሙ ጸሎታትናን መንፈሳውነትናን ምስቲ ሥጋዊ ንዕቡይ ኃሊፉ ከም ዚጐዓዝ ይገብር። ሓረስታይ ሃገርና ነቲ ካብ ንግሆ ጀሚሩ ክሳዕ ምሸት ዚሓልፎን ዚውዕሎን ኩነታት ብመንፈሳዊ ዓይኑ'ቲ ኪጥምቶን ንተማሃሪት ኣእዳዉ ድማ ናብ ጸሎት ኪልዕሎን ይሕግዞ።

እቲ ኣብ ሰንበት ዚንበብን ዚሰበኽን ቃል ኣምላኽ፣ ምስቲ መዓልታዊ ሕይወት ወዲ ሃገርና ዚሰማማዕ ስለ ዝኾነ ድማ፣ ንቃል ኣምላኽ ኪሰምዖን እናስተንተኖ ኪውዕሎን ብዙኅ ኣየሸግሮን።

ንኣብነት ኣብ ሰንበት ዘብርእ ብዛዕባ ምስላ እቲ ዘራእን እቲ ዘርእን ዚሰምዕ ሓረስታይ፣ እቲ ዚሰምዖ ዘሎ ታሪኽ ናቱ ታሪኽ ኮይኑ ይሰምዖን ይርድኦን። ነቲ ዚሀሉ ዘሎ ሃገር ኪስተውዕሉ ኸኣ ኣይጽግሞን። ከመይ፣ ኣብቲ እዋን እቲ ንሱ ንባዕሉ'ውን ኪዘርእ ስለ ዚኾነ።

ኣብ ዘመነ ክረምት ንዘለና ቃል ኣምላኽ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ሓፈሻዊ ትሕዝቶን ኣገባብ ጸሎታትና'ውን ልዑኝ ዝበለ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ግዜ ቅዳሴ ድኅረ ወንጌልን ሰብከትን ዲያቆን "ጸሉ ንኡስ ክርስቲያን" ቢሉ ናብ ካልኣይ ክፍሊ ሥርዓት ኣምልኾ ዘቅዳሴ እንክሰጋገረና፣ ኣብ ክንዲ ብእዝል ብግዕዝ እዩ ዚዝይም። ካብኡ ጀሚርና ክሳዕ መወዳእታ ቅዳሴ፣ ኵልና፦ ካህን፡ ዲያቆን፡ ሕዝቢ ብግዕዝ ነዝይም። እዚ ብግዕዝ ምዝያም ግና ኣብ ዘመነ ክረምት ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኮነን፣ ኣብ ግዜ ዓብይ ጾም'ውን ብግዕዝ እዩ ዚዝየም።

ምናልባሽ ኣብ ወጻኢ ሃገር ኮይንካ ነዚ ኩነታት ሊጠርግዖ ሃገርና እዚ ክትርድኦ ኣጸጋሚ ኪኾውን ይኽእል። ኣብ ሃገርና ዘመነ ክረምት ማይ ዚወቕዓሉ ጭቃን ጸልማትን ዚደቶ እትርእየሉ እንኪኾውን፣ ኣብ ኤውሮጳን ኣሜሪካን ግና ብርቱዕ ዑሑይን ሃሩርን ዚሸግረካ እዋን እዩ። ንንዘብት ሰናብቲ ሥርዓት ኣምልኾ ሃገርና ኣብ ወጻኢ ሃገር ኮይንካ ከም ኣቴጳጳር- ግዕዝ እንተ ደኣ ስሚዕካዮ፣ ዳርጋ ኣንጻር ዘለኻዮ ኩነታት እዩ ዚዛረበካ። ከመይ፣ ናትና ክረምትን ሓጋይን ምስ ናይ ወጻኢ ኣንጻር ስለ ዝኾነ። ግና፣ ነቲ ናይ ግዕዝ ሥርዓት ኣምልኾ ምስቲ ዘለኻዮ ዓዲ ወቕትን ጠሆት ኣየርን ኣሰማሚዕካ እንተ ደኣ ተጠቒምካሉ፣ ኣገዳሲ ጠቓምን ወቕታውን ኮይኑ ይርከብ።

ኣብ ዘመነ ክረምት ካብ ዚውዕላ ዓበይቲ መንፈሳውያን በዓላትና፣ ንበዓላት ፍልሰታ፡ ቅዱስ ዮሓንስን መስቀልን ጠቒስና ክንርስዖን ኣይንኽእልን። ብዛዕባ እዘን በዓላት እዚኣተን ብዝርዝሩ ገለ ቍሩብ ኣስተንትኖታት ምግባርና ኣይተርፍን። ንሕጂ ግና እቲ እንቅረበሉ ዘሎና ዘመነ ፍልሰታ ለማርያም ናይ ጸጋን በረኸትን እዋን ኪኾነልና እምነየልና። ርሑስን ቅዱስን ዘመን ምህልላን ጾምን ጸሎትን ይግበረልና። ኣሜን።

ኣባ ኤፍሬም ዓንደም

## መደብ ሰባኤ

"ኣቱም ደቀየ፡ ብግብርን ብሓቅን እምበር፡ ብቓልን ብልሳን ኣይንፍቐር" (1ዮሓ 3:18)

## መዓልታት ሰባኤ

ሓሙስ 24– ሰንበት 27 ጥቅምቲ 2013
Thu 24–Sun 27 October 2013

# ሌላ

ከቡራን ምእመናን ንመንፈሳዊ ኩስኳሰኦምን ኣብ ሰዓታት ሰርዓተ ቅዳሴ ዘለዎም ተገዳስነቶምን፡ ሓፈሻዊ ፍቕሪ ቤተክርስትያን ንዘምልከት ምስ ኣቶ ይስሓቕ ያዕቆብ ዝገበርናዮ ሓጺር መንፈሳዊ ዕላል ነዚ ይመስል።

***ሕቶ፦ ብቛንቋኹምን በቲ ዝዓበኹምሉ ባህልን ሰርዓተ ቅዳሴ ኣብ ለንደን ምስ ተጀመረ ከመይ ተሰምዕኩም!***

**መልሲ፦** ብጣዕሚ ሓጐሰይ ኣይቀጻጸርን እዩ። ኣብ እንዳ ፈለስተ ቅዱስ ሚካኤል ሰገነይቲ ተማሂረ፡ መጀመርያ ኣቡነ ኪዳነማርያም ካብ ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ፡ መዝሙርን ቀዚማን ትምህርቶም ንብዙሕ መእመናን ዘይቀየረን ዘየንቀሐን ኣይነበረን። ብሓቂ ኣቡቲ ግዜ እቲ ዚሰብኩዎ ዚነበሩ ዘይርሳዕን ኣብ ኣእምሮኻ ሽው ዝሰርጽ እዩ። እቲ ዚነበረ ትምህርቶም፡ ኣብ ሕይወትና ፍሉይ እዩ። ኣብዚ ዓዲ ሰደት ብባህልናን ቋንቋናን ሰርዓተ ቅዳሴ ምርካብና ምስ ክብርቲ በዓልቲ ቤተይን ሓጎስና ወሰን ኣይነበርን።

***ሕቶ፦ ሰርዓተ ቅዳሴ ኣብ ሕይወትኩም ግደ ከንደይ ተራ ኣለዎ!***

**መልሲ** ፦ሰርዓተ ቅዳሴ ንርእሱ ሕይወት እዩ። ብሓቂ ከም ቲ ንስጋ ቀለብ ዘድልዮ ከምኡ ከኣ ንነፍሲ ቅዳሴ ኣገዳሲ ቀለብ እዩ፡ መንፈሳዉነት እንተሎ ዕጋበት፡ሰላምን፡ ፍቕሪ፡ ኮታስ ኩሉ እቲ ሰናይ ኣሎ፡ ብዝያዳ ድማ ነተን ናይ እግዚኣብሔር ኣቦና ዚሃበና ዓሰርተ ትእዛዛት ንምግባርን ንምሕላወን ዘዘኻክረና መንገዲ እዩ ፡ ንዓይን ንክብርቲ በዓልቲ ቤተይን ከምዩ ዝርድኣና።

***ሕቶ፦ ሰንበት ኣብ ሰርዓተ ቅዳሴ ደንጉኹም መጺእኹም ትፈልጡ'ዶ!***

**መልሲ** ፦ ድሕሪ ትሕትና ዘለዎ ፍሕሽዉ ስሓቖም፡ እዋእ! ኣይሰኣንን እዩ፡ እዚ ሓንሳብ ሓንሳብ ዝፍጠር ናይ መጓዓዝያ ምኽንያት እንተ ዘይኮይኑ ደንጉና ኣይንፈልጥ። ካብ ቅዳሴ ቀርባን ዘትርፍ ዝተጋንነ ምድንጓይ ኣጓኒፍና ኣይፈልጥን።ብሓቂ ደገፍ ናይ በዓልቲ ቤተይ ኣብ ሕይወተይ ብዙሕ ኣብርኪቶ ኣለዎ።

***ሕቶ፦ ሰንበት ቤተክርስትያን ክይከድኩም ውዒልኩም ትፈልጡ'ዶ!***

**መልሲ፦** ኣብ ሕይወትና ቤተክርስትያን ከይከድና ዝወዓልናሉ ግዜ ኣይዝከረናን። እንትርፎ ከምዚ እንፈልጦ ሕማም ናይ ክብርቲ በዓልቲ ቤተይ ምስ ኣጋጢሙ ፡ በዚ ምኽንያት እንተ ዘይኺይኑ ፡ ሰንበት ሰርዓተ ቅዳሴ ክይተሳተፈና ዘሕለፍናያ ኣይርዳኣናን፡

***ሕቶ፦ ንምእመናን ከተመሓላልፍዎ እትደልይዎ መንፈሳዊ መልእኽቲ እንተ ሃልዩ!***

**መልሲ፦** ምእመናን ኩሉ ብእምነት ንእግዚኣብሔር ክንልግሶን ኩሉ መዓልታዊ ሕይወቶም ንእግዚኣብሔር ክህቡን ኣብ ቤተክርስትያን ኮነ ኣብ ቤቶም ከምልኹን ከፋቕሩን ኣብ መንፈሳዊ ሕይወቶም ክበርቱን፡ ኩሉ ድማ ብእግዚኣብሔር ከም ዝፍጸም ክኣምኑ የድሊ። ናብ ቤት ኣምላኽ ምምልላስ ንቕድሚት እዩ ዘወንጭፈካ እምበር ንድሕሪት ኣይጎትተካን እዩ። ሰለዚ ቀዳምነት ንመንፈሳውነትና ክንሰርዕ ይግበኣና፡ እዚ ምስ ንገብር ድማ ብኩሉ ሕይወትና ዕጋበት ይህበና።

***ሕቶ፦ ብሓቂ ስለ'ቲ ግዜኹም ሓሳብኩምን ኣብነትኩም ኣዚና ነማስግነኹም ።***

**መልሲ፦** ነዚ ዝበቅዕ ኣይኮንኩን፡ ብዙሓት ኣለዉ ኣብነት ዝኾኑ። ክብረት ይሃበለይ !

# መደብ ቤተ ክርስትያን

ከቡራን ምእመናን እዚ ኣብ ታሕቲ ተሰሪዑ ዘሎ መደባት መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስትያን ኣብ ዝጠዓመኩም መዓልትን ሰዓታትን ክትሳተፉ ብትሕትና ንሓትት። ቦታ (East Acton St.Aidan of Lindisfarne )

1. ካብ 6:30 ድ፡ቀ- 9:15 ድ፡ቀ ኩሉ ግዜ ሰሉስ ብመቕጸርያ ዝጀመረ ናይ መጽናዕቲ ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ሰርዓት ንዛዜ ይወሃብ።
2. ካብ6:30 ድ፡ቀ– 9:15 ድ፡ቀ ኩሉ ግዜ ሓሙስ ብመቕጸርያ ዝጀመረ ጸሎትን ትምህርትን መደብ ሰርዓት ንዛዜ ኣሎና። ከምኡ'ውን መጀመርያ ወርሒ ናይ ሓሙስ ሰርዓት ቅዳሴ ኣሎና።
3. ካብ 6:30 ድ፡ቀ-9:15 ድ፡ቀ ኩሉ ግዜ ቀዳም ማኅበር መዘምራን መድኃኔ ዓለም መዝሙር ለምምድን መጽናዕቲ ቅዱስ መጽሓፍን (Our Lady of Fatima church white city )
4. ካብ ሰዓት 1.00 ድ፡ቀ ዝጅምር ኩሉ ጊዜ ሰንበት ሰርዓት ቅዳሴ ከምዘሎ ነዘኻኽረኩም።

# ሓበሬታ

ከቡራን ምእመናን ዝኾነ ጉዳይ ሃሊኩም ንኣባቴ ክትረኽቡሉ እትኽእሉ መዓልታትን ሰዓታትን በዚ ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ ፡

ሰኑይ ክሳብ ረቡዕ 10:30 ቅ፡ቀ– 18:00 ድ፡ቀ

ዓርቢ 10:30 ቅ፡ቀ– 18:00 ድ፡ቀ

ኣባ ኤፍሬም ዓንዶም :-02087438315

ከምኡ'ውን ጸዊዕትኩም ክምልሱ ኣብ ዘይክእሉ እዋን መልእኽትኹምን ምሉእ ስምኩምን ክትገድፉ ብትሕትና ንሓትት። ሰንበት ድሕሪ ሰርዓት ቅዳሴ ድማ ነዘን ኣስማተን ኣብ ታሕቲ ተጠቒሰን ዘለዋ ኣሓትና ብምርካብ ጉዳይናን መልእኽትናን ከነሳልጥን ብዝያዳ ድማ ምሉእ ሓበሬታ ካብአን ክንረኽብ ንኽእል።

**ሄለን በረኸት ፡ ዮዲት ብርሃነ**

ከቡራን ምእመናን ዝኾነ ኣባል መድኃኔ ዓለም ኮይኑ፡ ኣብ ከባቢና እንፈልጦም ሕሙማት ከብጽሑ ዘለዎም፡ ወይ'ውን ከሽምዝሉ ዘለዎም፡ ብሓፈሻ ብኣገዳሲ ጉዳይ ከብጸሑ ኣለዎም እንብሎም ምስ ዝህልዉ በዚ መሰረት ንሽማግለ ቤተ ክርትስያን መድኃኔ ዓለም ክትሕብሩና ብምሕረት ኣምላኽ ንሓተኩም።

ዝኾነ ርእይቶ ወይ መንፈሳዊ ጽሑፍ ንኺፍለትና ዝምልከት እንተሃለኩም

eliasmg81@yahoo.com ወይ ከኣ

To Communication group

C/o elias mehari

36 chandos road

N17 6HN ኢልኩም ስለኹልና።

ዓመተ እምነት